**Kanton St.Gallen**
**Amt für Volksschule**

ንወለዲ ትግርኛ

ትግርኛ – Tigrinya

# መባእታ ቤት-ትምህርቲ ኣገደስቲ ነገራት ብሓጺሩ



**ኣብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ምክፋል ግዴታ እዩ ዓሰርተ ሓደ ዓመት ድማ ይሸፍን። መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ሰለስተ ደረጃታት ዝሓዘ እዩ፦ መዋእለ ሕጻናት፣ መባእታዊ ቤት ትምህርትን ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትን።**

እቶም ቆልዑ ኣብ ኣርባዕተ ዓመቶም መውዐሊ ህፃናት ይኣትዉ፡፡ ምጅማር መዓልቲ ትምህርቲ ዝምልከት ሓበሬታ ናብ መንበሪ ገዛኹም ከበፅሓኩም እዩ፡፡ ኣብቲ ከባቢ መንበሪ ሐደስቲ እንተድኣ ኮይንኩም፣ ካብ ምምሕዳር ከተማኹም ሓበሬታ ምሕታት ይከኣል፡፡


መውዐሊ ቆልዑ ኣብ ጸወታ ዘድሃበ እዩ፡፡ እዚ ድማ ንትምህርቲ ከም መሰረት የገልግል፡፡ ኣብ እዋን ትምህርቲ ቀዳማይ ደረጃ ምንባብ፣ ምፅሓፍን ቊጽርን ዝኣመሳሰሉ ክእለት ይምሃሩ ብተወሳኺ ቛንቋ፣ ሙዚቃን ሕሳብን ዝመሳሰሉ ዓይነታት ትምርቲ ይምሃሩ፡፡ እዞም ትምህርትታት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ይቕፅሉን ይዓምቁን፡፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ማእከላይን ("Realschule") ላዕለዋይን ("Sekundarschule") ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይኽፈሉ፡፡

### ኣድላዪ ሓበሬታ

ሳልሳይ ክፍሊ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስእትውድእ ኣገዳድነት ምክትታል ትምርቲ የብቅዕ፡፡ እቶም ቆልዑ ካልኣይ ደረጃ ትምርቲ ኣብ ዝከታተልሉ እዋን ምቅፃል ላዕለዋይ ብርኪ ትምርቲ ወይ ኣብ ስራሕ ዓለም ምእታው ይውስኑ፡፡ ዓይነት ስራሕን ቤት ትምህርትን ውላድኩም ብቀዳምነት እትውስኑ ንስኩምን ውላድኩምን ኢኩም፡፡እቲ ሓላፊ ክፍሊ መምህር ሓላፍነቱ ንዓኩም ምሕጋዝን ምትሕብባርን ይኸውን፡፡

ኣብቲ ዛዕባ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ታሕቲ ካብ ዘሎ ኣድራሻ ምርካብ ይከኣል:

→ www.berufsberatung.ch/migration




### ኣድላዪ ሓበሬታ

ትምህርቲ ቅድሚ ምእታው ቤት-ትምህርቲ ይጅምር፡፡ ቆልዓኹም ኣብ ቀዳሞት ዓመት ህይወቱ/ታ ብኣገዳሲ ተመኩሮ ይሓልፍን ብዙሕ ይመሃርን፡፡ ንስኹም ከም ወለዲመጠን ነዚ ደግፍዎ፡፡ ዝብሎ ነገር ብምስማዕ፣ ብምዝርራብን ኣብ ከም ፀብሒ ምስራሕ ዝመሳሰሉ ተግባራት ክሳተፍ ብምግባር ምብርትታዕ፡፡ ከም ምሕኳር፣ ምልዋስ ዝመሳሰሉ ሓደሽቲ ነገራት ደጋጊሙ/ማ ክፍትን ምሕጋዝ፡፡ ካብ ስድራቤት ወፃኢ እውን ምሳኹም ወይ ምስ ካልኦት ቆልዑ ብምኻን ሓደሽቲ ነገራት ዝመሃረሉ ዕድል ኣሎ፡፡ ምስ ኣደ ወይ ኣቦ ስፖርት ኣብ ዝሰርሐሉ እዋን፣ ናብ ቤት-መፃሕፍቲ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ናብ መጻወቲ ሜዳ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ምስ ሰባት ብምፍላጥን ደስ ዝብል ተመኩሮ ብምሕላፍን ይዘናጋዕ፡፡ ብዛዕባ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ኣቕርቦት ምምሕዳር ከተማኹም ሓበሬታ ክቕርበልኩም እዩ፡፡

ኣብቲ ዛዕባ ዘትኩሩ ሓጸርቲ ፊልምታት ኣብዚ ይርከቡ:

→ www.kinder-4.ch

### ምክትታል ትምህርቲ

ዝተፈላለዩ ድሌታትን ጠለባትን ተምሃሮ ምምልኦም መምህራን የረጋግጹ፡፡ ብምኽንያት ፀገም ምምሃር፣ ናይ ባህሪ ጸገማት ወይ ተውህቦ ትምህርቲ እዚ እኹል ዘይክኸውን ይኽእል፡፡ እዚ ኣብዝኾነሉ እዉን ተምሃሮ ካብ ክፍሊ ወፃኢ ሓገዝ ክረክቡ ይግበር፡፡ ካብ ክፍሊት ነፃ ኣገልግሎት ምስ ወለዲ ብምምኽኻር ይካየድ፡፡

እኹል ሓገዝ እንዳተገበረሎም ትምርቲ ንዘይከታተሉ ተምሃሮ ዝተዳለዉ ፍሉያት ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ፡፡ እዚኣተን ንኣብነት ናይ ምስማዕ ወይ ምዝራብ ፀገም ዘለዎምን ከምኡ'ውን ናይ ባህሪ ጸገምን ውስንነት ምቅባል ትምርቲ ንዘለዎምን ተምሃሮን ዝተዳለወ እዩ፡፡

### ናይ ቤት ትምህርቲ ሰሌዳ ግዜን ኣገልግሎታት ክንክን ቈልዑን

እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰሌዳ ግዜ ውሉድኩም ኣብ መዓልቲ ኽንደይ ዝኣክል ትምህርቲ ኸም ዝመሃሩ የርእይ። ኣብ ካልኣይ ሰኑይ ናይ ኦገስት ዓመት ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ካብ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ሰሌዳ ግዜ ክትቕበሉ ኢኹም። ኣድላዪ እንተ ኾይኑ፣ እቲ ቤት ትምህርቲ ንቈልዑ መዋእለ ሕጻናትን መባእታዊ ቤት ትምህርትን ተወሳኺ ክንክን ቈልዑ ይህብ እዩ። እዚ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 7 ናይ ንግሆ ክሳዕ ሰዓት 6 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰሙናት ከምኡውን እንተ ወሓደ ንሽሞንተ ሰሙናት ናይ ቤት ትምህርቲ በዓላት ይርከብ። ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፣ እቲ ቤት ትምህርቲ ብመሰረት ረቛሕታት ኣብ ስሩዕ ናይ ትምህርቲ ሰሙናት ምሳሕ ይህብ እዩ።

### ንዕዮ ገዛ ዝምልከት

ኣብ ቤት-ትምርቲ እንታይ ዛዕባታት ከምዝመሃሩ ካብቲ ዕዮ ገዛ ክትፈልጡ ኢኹም፡፡ ተምሃሮ ዕዮ ገዝኦም ርእሶም ክኢሎም ክሰርሑ ይግባእ፡፡ ኣብ መውዐሊ ህፃናት ዕዮ ገዛ ኣይወሃብን፡፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ እዋን በዓላትን ቀዳመ ሰንበትን ዕዮ ገዛ ዘየለ እንተኾይኑ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክኣ ኣብ እዋን ብዓላት ዕዮ ገዛ የለን፡፡ ገለገለ ቤት-ትምህርትታት ብመልክዕ ሓገዝ ዕዮ ገዛ ድሕሪ ትምህርቲ ይህቡ፡፡

### ገምጋም

ካብ ካልኣይ ዓመት መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ጀሚሩ፣ ኣብ መብዛሕትኡ ዓይነት ትምህርቲ ዝርአ ውጽኢት ኣብ መወዳእታ ዓመት ትምህርቲ ኣብቲ ጸብጻብ ቤት ትምህርቲ አብ ዘሎ ነጥቢ ይግምገም። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ጸብጻብ ኣብ መወዳእታ ነፍሲ ወከፍ ኽፈለ ዓመት ትምህርቲ ይወጽእ። እቲ ዝበለጸ ነጥቢ 6 እዩ፣ እቲ ዝኸፍአ ነጥቢ 1 እዩ። ናይ ቤት ትምህርቲ ጸብጻብ ውጽኢት ሓፈሻዊ ገምጋም ስለ ዝኾነ ምስ ገምጋም ናይ ፈተና ነጥብታት አማካይ ክወዳደር ኣይክእልን እዩ። ኣብ ዓመት ትምህርቲ፣ እቲ መምህር ንውጽኢት ውሉድኩም ብእተፈላለየ መገድታት ይግምግም። ግብረ መልሲ ብነጥቢ፣ ብቓል ወይ ብኻልእ መገዲ ኽወሃብ ይኽእል እዩ።

ኣብ ገምጋም ኣኼባ እዋን፣ እቲ መምህር ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ናይ ቤት ትምህርቲ ኣሳልጦን ናይ ምምሃር ዕቤትን ምሳኹም ክመያየጥ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ መነባብሮ ቤት ትምህርትን ዕዉት ንምኧን ኣገዳሲ ዝኾና ኻልእ ጉዳያት እውን ኽረዓያ እየን። እዚኣተን ድማ፣ ንኣብነት፣ ናይ ውሉድኩም ጠባይ፣ ትግሃትን ቈላሕታን የጠቓልላ። እቲ ናይ ገምጋም ኣኼባ እንተ ወሓደ ኣብ ዓመት ሓንሳእ ክካየድ እዩ። ተሳትፎ ግዴታ እዩ። ኣብዚ እዋን ኣኼባ እዚ፣ ውሉድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ይዓዪ ኽም ዘለዉን ብኸመይ ዕቤት ይገብሩ ከም ዘለዉን ብዝያዳ ኽትፈልጡ ኢኹም። እቲ መምህር ንውሉድኩም ኣብ ገዛ ብኸመይ ክም እትርእይዎ እውን የግድሶ እዩ። ብተወሳኺ፣ ኣብ መወዳእታ ዓመት ትምህርቲ ናብ ዝቕጽል ክፍሊ ወይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ምስግጋር ብሓባር ክትመያየጡ ኢኹም።

**ኣድላዪ ሓበሬታ**

ቆልዓኹም ደስ ኢልዎ ብምቕት ንኽምሃር ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ኣብ ቤት-ትምርቲ ዝ/ትፅንሕሉ እዋን እንታይ ከምዝሰርሐ/ት ምርኣይ፡ ቆልዓኹም ዕዮ ገዛ ዝሰርሐሉ ፅምዋ ቦታ ምርካቡ ኣረጋግፁ፡፡ ኣብ ዝቕፅል መዓልቲ እኹል ድቃስ ረኺቡ/ባ ብግዜ ናብ ቤት-ትምርቲ ምኻዱ/ዳ ኣረጋግፁ፡፡

ብዛዕባ ትምርትን ዕቤት ቆልዓን ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ ነፃ መተግበሪ ወይ ኣፕ parentu ርኸብዎ፥

→ www.parentu.ch/informationsmaterial

### ንበዓላትን ምብኳር ትምርትን ዝምልከት

ብምኽንያት ሕማም ወይ ካልኦት ምኽንያታት እቲ ቆልዓ ትምርቲ ዘቡኩር እንተድኣ ኮይኑ፣ ትምርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ንመምህር ምንጋር የድሊ፡፡ ኣብ ዓመት 13 ሰሙናት ዕረፍቲ እዮም፡፡ ኣብ እዋን መንግስታዊ ብዓላት እውን ትምርቲ ዕፁው እዩ፡፡ ኣገደስቲ ሃይማኖታዊ በዓላት ክህልዉ ኸለዉ ፍቃድ ይወሃብ እዩ፡፡ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ እውን ደቆም ካብ ቤት-ትምርቲ ምውሳድ ይኽእሉ፡፡ እዚ ንምግባር ወለዲ ኣቐዲሞም ብፅሑፍ መልክዕ ንመምህር ክፈልጡ ምግባር እኹል እዩ፡፡

### ፍሉይ ናይ ምምሃር ኣጋጣሚታት

መጠናኸሪ ትምህርቲ ዝኾኑ ከም ምፅስካር፣ ዙረት፣ መገሻ ቤት-ትምህርቲ ዝኣመሳሰሉ ክውደቡ ይኽእሉ፡፡

### ቆልዓ ናብ ቤት-ትምርቲ ምብፃሕ ዝምልከት

ወለዲ ከም ምኽንኩም መጠን ቆልዓ ናብ ቤት-ትምርቲ ኣብፂሕካ ምምላስ ናትኩም ሓላፍነት ይኸውን፡፡ ከም ሕጊ እቶም ቆልዑ በይኖም ወይ ምስ መማህርቶም ብምኧን ብእግሪ፣ ብብሽክለታ፣ ወይ ብኣውቶቡስ ይመላለሱ፡፡ ትራፊክ፣ ድሕንነት መንገድን ዝኣመሳሰሉ ዛዕባታት ኣብ ክፍሊ ይድህሰሱ፡፡



### ምስ ቤት -ትምርቲ ዝግበር ምትሕብባር

ኣብ እዋን ምሸታት ወለድን ካልኦት ኣጋጣሚታት ቤት-ትምርትን ናይ ትምህርቲ ህይወት ርድኢት ክትረኽቡን ብዛዕባ ህሉው ኣርእስታት ሓበሪታ ክትረኽቡን ኢኹም፡፡ ምስታፍኩም ኣገዳሲ እዩ፡፡ ምስ ውላድኩም ብምኻን እውን ትምርቲ ምምሃር ይከኣል፡፡ እንተውሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ናይ ምብጻሕ መዓልታት ይምደቡ፡፡

ከም ወለዲ ደቅኹም ትምህርቲ ብኣግባቡ ከምዝከታተሉን ብሕጊ ከምዝግዝኡን ናይ ምክትታል ሓላፍነት ኣለኩም፡፡ ብተወሳኺ መምህራን ወይ ቤት-ትምርቲ ንምዝርራብን ካልእን እንተደልዮምኹም ናይ ምርካብ ግዴታ ኣለኩም፡፡ ጽቡቕ ምትሕብባርኩም ደቅኹም ኣብ ቤት-ትምርቲ ፅቡቅ ስምዒት ክህልዎም ይገብር፡፡

### ተፀዋዒ ኣካል

ዝኾነ ይኹን ሕቶ ወይ ስግኣት ምስ ዝህልወኩም ብቐጥታ ምስቲ ናይ ቆልዓኹም መምህር ምርኻብ ይከኣል፡፡ ንዝርርብ ወይ ጉዳይ ተርጓሚ እንተተደሊኹም ድማ ኣፍልጥዎ፡፡

ፀገማት እንተተላዒሎም፡ ዝተፈላለዩ ከም ናይ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኣኣምሮኣዊ ኣገልግሎት ወይ ናይ ቤት-ትምህርቲ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ናይ ቤት-ትምህርቲ ኣገልግሎታት ንወለድን ደቆምን ይመኽሩን ይድግፍዎምን።

### ኣድላዪ ሓበሬታ

ኣብ ኣውራጃ St.Gallen ዝነብሩ ቆልዑ ምእንቲ ፅቡቕ ትምህርቲ ክረኽቡን ክምችኦምን ሃገራዊ ቋንቋ ጀርመን ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። መበቆላዊ ቋ ንቁኦም ብጽቡቕ ምዝራብ እውን ሓጋዚ እዩ፡፡ እዚ ካልእ ቋንቋታት ክመሃሩ እውን ይሕግዞም፡፡ ስለዚ ቋንቋኹም ተጠቂምኩም ብዙሕ ምስ ደቅኹም ተዘራረቡ፡፡ ብተወሳኺ ኣብቲ ገዛውቲ፡ ኣብ መፃወቲ ቦታታት፣ ኣብ ናይ ጻወታ ጉጅለ ወይ ኣብ ማእከል መሓብሓቢ ቆልዑን ካልኦት ቦታታትን ምስ ጀርመን ዝዛረቡ ሰባት ተራኺቦም ክለማመዱ ሓግዝዎም፡፡

ኣብዚ ጉዳይ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ብጽሑ:

→ www.integration.sg.ch
→ Frühe Förderung und Elternbildung → Elternbildung

### ቋንቋ

ኣብ መውዐሊ ህፃናት ብላህጃይረዳድኡ፡፡ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ደረጃ ብጀርምን ይመሃሩ፡፡ ጀርመንኛ ብደንቢ ዘይክእሉ ተምሃሮ፣ ንዝተወሰነ እዋን ተወሳኺ ቋንቋ ጀርመን ክመሃሩ ይግበር፡፡

ካብቶም  ናይ ግዲታ ትምህርትታት ብተወሳኺ፣ ናይ መበቆል ቋንቋን ባህልን ትምህርትታት ኣለዉ (ትምህርታት NLC)፡፡ ኣብቲ ቦታ እቶም ቆልዑ ብመበቆላዊ ቋንቁኦም ምዝራብ፣ ምስማዕን ምፅሓፍን ይለማመዱ፡፡

ናይ NLC ትምርትታት ብመዳይ ቆንስላትን ማሕበራትን ዝወሃቡ ኮይኖም ብወለንታ ይውሰዱ፡፡ ብዛዕባ ኣወሃህብኡን ክፍለግዚኡን ኣብዚ ዝስዕብ ይርከብ፡

→ www.hsk-sg.ch





Stand Dezember 2025